ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን መሓዙት ዘገልገለን ፍራስን ኣቑሑት ብግልፂ ጨረታ (ብሓራጅ) ክንሸይጥ ስለዝደለና

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 14, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 16, 2017 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ጥሪ 16, 2017 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ዘገልገሉ ኣቑሑት መሸጣ

ሓላ/ዝ/ሕ/ስ/ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን መሓዙት ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ፍሉይ ቦታ ጅብሩኽ ዝርከብ ቦታ ቤዝመንት+ግራውንድ+10 ፕላን ኣፅዲቑና ቀዳማይ ብርኪ (first phase) ቤዝመንት + ግራውንድ +2 ስራሕቲ ህንፀት ኮንስትራክሽን ኣብ ምጅማር ትርከብ። በዚ መሰረት ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ዘገልገለን ፍራስን ኣቑሑት ብግልፂ ጨረታ (ብሓራጅ) ክንሸይጥ ስለዝደለና ኣብ ታሕቲ ናይቶም ዝሸየጡ ንብረት ዝርዝር ዘቕረብና ኮይንና ድልየት ዘለኩም ኣከላት ኣብቲ ቦታ ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ንዕድም።

ዝርዝር መብርህን ግቡኣት ተጫረትን

1. ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ክ/ከተማ ቀዳማይ ወያነ ጣብያ ጅብሩኽ ፍሉይ ቦታ ንእንዳ ሚካኤል ቤተክርስትያን ኣብ ዘእቱ መንገዲ ጎኒ መርሃዊ ናይ ኣለሙንየም መሸጢ ይርከብ።

2. ሰዓራይ ምኺኖም ምስተገለፀ ሙሉእ ክፍሊት ናብ ናይ ማሕበርና ባንኪ ሒሳብ ኣታዊ ብምግባር ዝሰዓርዎ ዓይነት ንብረት ኣብ ዉሽጢ ሓደ መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መፅዓኒን ትርንስፖርትን ከልዕሉ ግቡእ ኣለዎም።

3. ጨረታ ዉድድር ዝግበር ብሕድሕድ (ዓይነት ንብረት) ጠቅላላ ዋጋ ብምምላእ ወይ እዉን ንኹሎም ዓይነት ሓፈሻዊ (ጠቅላላ ዋጋ) ብምምላእ ኮይኑ ዝለዓለ ዋጋ ዘቕረበ ሰዓሪ ይኸዉን።

4. ብሕድሕድ ዓይነት ንብረት ዝለዓለ ዋጋ ዘቕረቡ ተጫረትቲ ተደሚሩ ምስ ሓፈሻዊ ዋጋ ዘቕረበ ተጫራቲ ብምንፅፃር ኣፈላላይ 10 ሚኢታዊን ትሕቲኡን እንተኾይኑ ንጠቕላላ ንብረት ዋጋ ዝመልአ ሰዓሪ ይግበር።

5. ኣብ ጨረታ መኽፈቲ ሰዓት ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም መሊኦም ዘቕረብዎ ዋጋ ቅድሚ ምኽፋቱ ጨረታ መኽበሪ ብር 1000.00 (ሓደ ሽሕ ጥራሕ) ኮይኑ ስዓርቲ ዝኾኑ ክፍሊት ናብ ባንኪ ምስ ኣእተው ይምለስ፤ ንዝተስዓሩ ድማ ሽዑ ንሽዑ ዝምለስ ይኸውን።

6. ሰነድ ጨረታ ካብ ጨንፈር ቤት ፅሕፈት መቐለ ሓጎስ ተላ ህንፃ ካልኣይ ደብሪ ብምምፃእ ምዉሳድ ይኽእሉ።

7. ሰነድ ጨረታ ወይ ዋጋ መወዳደሪ ሰነድ ጨረታ ዕለት 15/05/2017 ዓ/ም ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ 9:00 ኣብቲ ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ምቕራብ ይኽእሉ።

0342405467 0342415448 0342419330

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle